# ምስጋናን ናእዳን ንተጋዳላይ መሓመድኑር ኣሕመድ

**ካብ ሃብተማርያም ኣብርሃ: ለንደን *16* ታሕሳስ *2008* ዓ.ም.**

ዝኸበርካ ሓው ተጋዳላይ መሓመድኑር ኣሕመድ! ኣቐዲመ ሰላምታይ ኣቕርበልካ። ቀጺለ ድማ በቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ: "ሓቂ ብርእሳ እንተቐበርካያ ብእጋራ ትወጽእ": ዝብል ሓቀኛ ሓበሬታ ዝሓዘለ ታሪኻዊ ቃለ-ምሕታት ዝገበርካዮ: እሞ'ኸኣ ብፍላይ ነቲ ሕቡእ ምስጢር ኢሰያስ ኣፈወርቂ ብትብዓት ስለዘጋለጽካዮ ደጊም-ደጋጊመ ኣመጒሰካ።

ኣነ ሓደ ካብቶም ነባራት ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ከምዝኾንኩ ክሕብረካ እፈቱ። ንስኻውን ትርስዖ ኣይመስለንን። ንመዘከርታ ክኾነካ ብ*1974* ዓ.ም. ኣብቲ ኣብ ዓዲ ገብራይ ዝተኻየደ: ብኣቦ-መንበር ተ.ሓ.ኤ. ነበር ሕሩይ ተድላ ዝምራሕ ዝነበረ ኣኼባ: ብሓደ ምሳኻ ተኻፊልና ከምዝነበርና እዝከረኒ። ብድሕሪኡ'ውን ሓደ ካብቶም ኣሳናዳእቲ ሃገራዊ ጒባኤ ተ.ሓ.ኤ. ኰንካ ተመዚዝካ ከምዝነበርካ ክምስክረልካ እደሊ። ካብኡ ቀጺሉ'ውን ኣብቲ ብ*1975* ዓ.ም. ዝተጋባኤ ሃገራዊ ጒባኤ ተ.ሓ.ኤ.: ምሳኻ ብሓንሳብ ከምዝተኻፈልና ኣነን ንስኻን ንዝክሮ ኢና። ከምኡ'ውን ኣብ መርዓኻ ዓዲምካኒ ኣብቲ ሓጐስካ ተኻፊለ። ኣብቲ እዋንቲ ካብ ከበሳ ተወጊኦም ንሶርያን ንዕራቕን ንሕክምና ክኸዱ ዝተባህሉ ውጉኣት ሓርነት: ኣብ ካርቱም.ዴም ከይደ ምስበጻሕኩዎም: ኣቦ መንበር መጺኡኩምዶ ኢለ ሓቲተዮም። መጺኡና ኣይፈልጥን ድማ በሉኒ: ጸገሞም ብኣድልዎን ጒድለት ምሕደራን መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ ምዃኑ ድማ ተረድኣኒ። ብኣጋጣሚ ግን ኣብ መርዓኻ: ንኣቦ-መንበር ተ.ሓ.ኤ. ኣሕመድ ናስር ሽዑ ረኺብኩዎ። በዚ ዝኣክል ነዲረ ድማ ምስ ኣቦ-መንበር ተ.ሓ.ኤ. ኣሕመድ ናስር ከምዝተነሃሃርኩ ኣይትርስዖን። ብሰንከይ ድማ ሽዑ ኣብቲ መርዓኻ ታዕታዕ ተላዒሉ። እቶም ብውዲት ኢሰያስ ኣብ ሱዳን ዝተቐንጸሉ ጀጋኑና: ስዉእ ጅግና ስዒድ ሳልሕን: ስዉእ መሓመድ ሓሰብን: ከምኡ'ውን ክሳብ ሎሚ ዝቃለሱ ዘለው: ደቂ ዓሳውርታን ሳሆን መሓመድ ዑመር የሕያን: ኣሕመድ ሴራን: ካብቲ ሽዑ ዘሔጒሰኒ ወገን ከይሓዙ ብግቡእ ገላጊሎምና። እቲ ታዕታዕ ሃዲኡ ጒዳይ መርዓና ከኣ ገበርና።

ክቡር ሓው ተጋዳላይ መሓመድ-ኑር ኣሕመድ: እቲ ኣውራ ሎሚ ብዛዕባኻ ክጽሕፍ ዝተበገስኩ: ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ ታሪኽ ክትንትን ኢለ ኣይኮንኩን። እቲ ቀንዲ መኽንያት ግን ከም ሃገራዊ መጠን: ኤርትራ ክሓልፈላ ብልበይ ስለዝብህግ: ከምዚ ከማኻ ተብዓት ደቂ ሃገር ክርኢ ከሎኹ ስለዝሕጐስ እየ። ስለዚ ነቲ ካልኡት ንቃለስ ኣሎና ብሃልቲ ዘይተንከፍዎ: ሕቡእ ታሪኽ ዲክታቶር ኢሰያስ: ደፊርካ ክትንትኖ ስለዝሰማዕኩ: ተዓወት! ኢለ ከመጒሰካ ስለዝደለኹ ጥራይ እየ ክጽሕፍ ዝተበገስኩ።

ክቡር ሓው ተጋዳላይ መሓመድ-ኑር ኣሕመድ: ካብቲ ባህልታት ሃገርና ሓደ: ሓደ ሰብ ኣብ ሓደ ዓዲ ክመውት ከሎ: ኣብ ናሕሲ (ህድሞ) ወጺኦም ክልተ ኣውየይቲ "እገለ ወዲ-እገለ ሞይቱ" ኢሎም *3* ግዜ ይእውዩሞ: ኣቶም ነቲ ኣውያት ዝሰምዑ ደቂ-ዓዲ ከኣ ሽዑ ንሽዑ ኣብ ኣፍ-ደገ ወጺኦም የልቅሱ። ኣብቲ ቀብሪ-ስነስርዓት ከይዶም ድማ: ነቲ ሬሳ ይቐብሩዎ። መሓመድ-ኑር ከኣ በቲ "ሓቂ ብርእሳ እንተቐበርካያ ብእጋራ ትወጽእ": ዝብል ቃለ-መሕታትካ ገርካ: ነቶም ኢሰያስ ብዘይ ፍርዲ ኣብ ጐዳጒዲ ቀራዒሮ ዘብልዮም ዘሎ: ፍሉጣት ሃገራውያን ተቓለስትን: ሚኒስትራትን ጋዜጠኛታትን ብትብዓት ስለዘእወኻሎም ኣዝየ ኣመጒሰካ።

ርግጽ'ዩ ቅድሚኻ ጀነራል መስፍን ሓጐስ ንስርዓት ኢሰያስ ክቃወም'የ ኢሉ:: ኣብ ከተማ ለንደን ንመጀመርያ እዋን መጺኡ ሰሚናር ክህብ ፈቲኑ ከምዝነበረ ዝዝከር'ዩ። ሽዑ ኣብቲ ኣኼባ ተረኺቦም ዝነበሩ ኣባላት ኢ.ህ.ግ.ዲ.ፍ. ድማ: ብገርሆም ብሓቂ ጀነራል መስፍን ሓጐስ ኣንጻር ኢሰያስ ዝተላዕለ መሲሉዎም: ሰድያታት ብምድርባይ ነቲ ኣኼባ ክዘርግዎ ፈቲኖም'ዮም። ድሕሪኡ ድማ ጀነራል መስፍን ሓጐስ: "ካልኣይ ኣኼባ ኣዳልውለይ ዝገልጸ

ኣሎኒ“ ስለዝበለ: ካልኣይ ኣኼባ ተዳሊዩሉ። ኣብቲ ዝተዳለወ ኣኼባ ከኣ ኩሎም ኣባላት ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ኢ.ህ.ግ.ደ.ፍን ካልኦት ሃገራውያንን: ሎሚስ እቲ ህሉው ኩነት ኤርትራን: ሕቡእ ምስጢራትን ተግባራት ኢሰያስ ክገልጽ’ዩ ኢሎም ብሃንቀውታ ተጸበዩዎ። እቲ ካብ ኩሉ ዝገርም ግን: ጀነራል መስፍን ሓጐስ: ነቲ ንዲክታቶር ኢሰያስ ዝትንክፍ ሕቡእን ግሉጽን ፍጻሜታት ከይተንከፎ ኣሰቂጡ ሓሊፉዎ። ብኻልእ ኣዘራርባ ንሓጥያት ኢሰያስ ከይግለጽ ብመደብ ተኻላኺሉሉ። እቶም ኣባላት ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ኢ.ህ.ግ.ደ.ፍን ከኣ ንስርዓት ኢሰያስ ከይቃወሙን ከይምክቱን ዓጊቱዎም። ከም ቀደሞም ከኣ ምስ መንግስቲ ኢሰያስ ተሪፎም። ዲክታቶር ኢሰያስ ድማ ስልጣኑ ኣዳዕዲዑ ከናውሕ ዕድል ረኺቡ። ጀነራል መስፍን ሓጐስ ግን ኸዑ ነቲ ምስጢር እንተዝዝርግሖ ነይሩ: ስቓይ ህዝቢ ኤርትራ ምሓጸረ ነይሩ። ከምኡ ስለዘይገበረ ድማ እንሆ ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ: ኣብ ዘስካክሕ ሃለዋት ተሳጢሑ ይርከብ ኣሎ።

ክቡር ሓው ተጋዳላይ መሓመድ-ኑር ኣሕመድ ግን: ነቲ ጀነራል መስፍን ሓጐስ ከዊሉዎ ዝሓለፈ ምስጢር ኢሰያስ: ሎሚ ብትብዓት ፈንቂልካ ኣውጺእካ: ንህዝብኻ ሓቢርካዮ። ተዓወት! ምስጋና ከኣ ይብጻሕካ!። ስለዚ <u>ንውዱ ሰብ ትርፉ ገበረ’ምበር ነበረ ስለዘይኮነ</u>: ኣገናዕ! እንቋዕ ኣይከዳዕካ። ብሓቂ ሓቀኛ ምስክርነት መስኪርካ። ሕጂ’ውን ኣጆኻ ድሕር ኣይትበል ታሪኽ ግበር።

ሓደ እንስሳ ስልኪ ወይ መስማር እንተድኣ ውሒጡ: ኸዑ ንኸዑ ኣይመውትን እዩ። ግዜ ወሲዱ ግን ብስቓይ እዩ ዝመውት። ንስኻ ድማ ነቲ ክዉን ሓቂ ስለዝመስከርካ: እቲ ዓወት ንስኻ ኢኻ ወሲድካዮ። ንመስፍን ሓጐስ ግን ስቓይ ገዲፍካሉ።

ሰላምን ዓወትን ንህዝቢ ኤርትራ

ካብ ሃብተማርያም ኣብርሃ ለንዶን
*16 ታሕሳስ 2008 ዓ.ም*